ቃለ-መሕትት

ምስ ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ

ጽሓፊ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን



*ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ፡ ብኣጋጣሚ መበል 60 ዓመት ኣልማዛዊ እዮቤልዩ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ - 1 መስከረም፡ ምስ ማዕከናት ዜና ኤርትራ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት እነሆ፦*

***ኤርትራ ጽባሕ ረቡዕ 1 መስከረም፡ መበል 60 ዓመት - ኣልማዛዊ እዮቤልዩ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ንናጽነት ክትጽምብልያ። ንምዃኑ ሕጂ ድሕሪ'ዚ ኩሉ ዓመታት ኤርትራና ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ኩነታት ትርከብ?***

ብመጀመርታ፡ ብኣጋጣሚ እዚ ኣልማዛዊ እዮቤልዩ ወይ መበል 60 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልስና፡ ንኹሎም ኤርትራውያን ምስ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዮሃና! ክብል እደሊ። ኣብ'ቲ ኣርእስቲ ንምምጻእ፡ ዓቢ ኣርእስቲ እዩ ተላዒሉ ዘሎ - ግን ኣቐዲመ ናብ'ቲ ህሉው ኩነታትና ምድሃብ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ'ዚ - እቲ ኤርትራ ዝበሃል እንታይ እዩ? ብኸመይ ንጥምቶ ንሕና? እዚኣ ኣገዳሲት ስለዝኾነት ክንፈልጣ ይግበኣና እዩ። ብፍላይ በዚ ኣጋጣሚ፡ ድሕሪ 60 ዓመት ናይ ብረታዊ ቃልሲ እንብሎ፡ 30 ዓመት ናይ መኸተ ቃልሲ፡ ቅድሚኡ ከኣ ካብ 41 ክሳብ 61 ፖለቲካዊ ቃልሲ ናይ ህዝቢ

ኤርትራ ዝንጸባረቐሉ እዩ። ስለ'ዚ 60 ዓመት ዘይኮነ 80 ዓመት ካብ 1941 ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣትሒዝና ክንቌጽር ንኽእል ኢና። 80 ዓመት ኢና ተዳሂኽና። ክሳብ ሕጂ ኣዕሪፍና ኣይንፈልጥን። ካብ 1941 ክሳብ ሕጂ ይቕጽል እዩ ዘሎ። እንታይ እዩ እቲ ምኽንያት ኢልና ኣብ እንሓተሉ እዋን፡ ሓደ - እቲ ጂኦስትራተጂካዊ ኣቀማምጣ ናይ ሃገርና እዩ። ኣብ ካልእ ዓዲ ነይርና እንተንኸውን፡ ወይ ርሑቕ ከባቢ ነይርና እንተንኸውን፡ እዚ ኩሉ ጸገም ኣይምመጽኣናን። ንሕና ዘለናዮ ኣቀማምጣ፡ ጂኦ ፖለቲካዊ ኣቀማምጣ ወይ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ፡ ሓደ ቀይሕ ባሕሪ ኣሎ።




ቀይሕ ባሕሪ - ኣገዳስነቱ ንኩላትና ርዱእ እዩ። እንታይ'ዩ እዚ ቀይሕ ባሕሪ እንተበልና - ኤርትራኽ ናታ ህላወ ኣብዚ ቀይሕ ባሕሪ እንታይ እዩ? ብስፍሓት ናይ ገማግም ቐይሕ ባሕሪ ንሕና ድሕሪ ስዑድያ ኢና እንስራዕ። ኣብዚ ስፍሓት'ዚ ናይ ምቁጽጻር ካልኣይ ዓቢ ተራ ዘለዎ ናይ ኤርትራ እዩ። እቲ ቀዳማይ ብስፍሓት ክትርእዮ እንከለኻ ናይ ስዑድያ እዩ። እቲ ካልእ ናይ ኤርትራ እዩ። ዝያዳ ካብ ናይ ሱዳን፡ ዝያዳ ካብ ናይ ግብጺ፡ ዝያዳ ካብ ናይ የመን፡ ዝያዳ ካብ ናይ ጆርዳን፡ ናይ እስራኤል ናይ ጅቡቲ - እቲ ካልኣይ ደራጃ ዝበጽሕ ስፍሓት ቀይሕ ባሕሪ ዘለዋ ኤርትራ ጥራይ እያ። ኤርትራ ንሱ ጥራይ ዘይኰነ እቲ ትውንኖ ገማግም ናይ ቀይሕ ባሕሪ ከባቢ

1250-1270 ዝበጽሕ እዩ። ብዘይካ'ዚ እተን ደሴታት እንተ ሓዊስናሉ፡ ገማግም ናይተን ደሴታት - ከባቢ 335 ደሴታት ኣለዋና - እዚአን እንተ ሓዊስናየን፡ ክንደይ እዩ ክበጽሕ ገማግም ኤርትራ. . .። እዚ እዩ እቲ ሓደ ካብ'ቲ ሀርፋን ናይ ካልኦት ዝስሕብ - እዚ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ካልኣይ ውሑድ ህዝቢ እዩ፡ እዚ ህዝቢ'ዚ ግን ኣበርክቶ ዘለዎ ህዝቢ እዩ።




ተባዕ፡ ተቓላሳይ ህዝቢ እዩ፡ ምስ ጐረባብቱን ምስ ካልኦትን ብሰላምን ስኒትን ክነብር ዝደሊ ህዝቢ እዩ። እዚ ጸጋ እዚ ንገዛእ ርእሱ ኣብ ካልእ ዓዲ ኣይርከብን። ክንጠቅስ ንኽእል ኢና - ዓድታት ናብ failed state ዝኸዳ ብዙሓት ኣለዋ ክንጠቕሰን እንኽእል። ካብ 1941 ክሳብ ሕጂ failed state ኣይኮንናን። ንሕና ነብስና ዝኸኣልና ዓቢ ሓይሊ ኢና። ምናልባት ኣይንርደኦን ንኸውን ወይ ብዙሓት ካባና ነዚ ኣይርድእዎን ይኾኑ። ግን ሓደ ዓቢ ሃብቲ'ዩ ዘለና። ካልእ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሃብቲ - እንታይ ዘየሎ ኣብ ኤርትራ ኩሉ ኣሎ። ብሃብቲ ናይ ማዕድን እንተመጺእና፡ ብሃብቲ ናይ ነዳዲ እንተመጺእና፡ ብሃብቲ ናይ (natural gas) ብተፈጥሮኣዊ ሃብቲ እንተረኣና፡ ኤርትራ ቀሊል ነገር ኣይኮነን ዘለዋ። ስለ'ዚ ኣብዚ ቦታ'ዚ ምህላውና - እቲ ባሕሪ ንገዛእ ርእሱ ኣብ መዓልቲ ብሚልዮናት ቶናት ዝቝጻር ናይ ነዳዲ ዲዩ ናይ ኣቑሑት በዚ ናትና ገማግም ገይሩ'ዩ ዝሓልፍ ወይ ጥቓ ገማግም ናትና ኣቢሉ እዩ ዝኣቱ። ካብ ኤውሮጳ ዝመጽእ ንኤስያ ዝኸይድ፡ ካብ ኤስያ ናብ

ኤውሮጳ ዝኸይድ እዚ ኹሉ ቀሊል ነገር ኣይኰነን። ስትራተጂካዊ ቦታ እዩ ብቐሊል ዝረአ ኣይኮነን። ካልኣይ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣሎ። ቀርኒ ኣፍሪቃ ክንብል እንከለና፡ ብናትና ኣጠማምታ ቀርኒ ኣፍሪቃ እንብሎ ንሕና - ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ጁቡቲ፡ ሶማል ኢዩ። እቲ ካልእ ምናልባት እቶም ካልኦት ብፖለቲካዊ ሓሳባት ጆኦስትራተጂካዊ ረብሓታት ካልኦት እውን ከእትዉ ይኽእሉ እዮም። ግን እቲ ቀንዲ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝበሃል እዚ እዩ ናትና መረዳእታ። እዚ ከባቢ እዚ ከኣ ኣዝዩ ስትራተጂካዊ ቦታ እዩ። ንኽልቲኡ ህንዳዊ ውያኖስን ቀይሕ ባሕርን ዘተኣሳስር መላግቦ እዩ። ኤርትራ ኣብ ሕምብርቲ ናይ ከምዚ ዓይነት ኩነታት እያ እትርከብ ዘላ። ስለ'ዚ እዚ ስትራተጂካዊ ኣጠማምታ ክንርእዮ እንከለና ህርፋን ናይ ካልኦት'ዩ ዘምጽእ። ናይ ግድን ነዚ ቦታ'ዚ ክቈጻጸሩ ይደልዩ። ቅድም ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘመን ፖርቱጋላውያን ነይሮም። እንታይ ክገብሩ መጺኦም። ነዚ ከባቢ ናይ ባሕሪ ከመይ ገይሮም ክጸልዉ ከምዝኽእሉ፡ ናብ ህንዲ ከመይ ገይሮም እዮም ዝኸዱ ካብ ኤውሮጳ ካብ ዓዶም መጺኦም ንህንድን ኣፍሪቃን ከመይ ገይሮም ክቈጻጸሩ ይኽእሉ - በዚ ባሕሪ እዮም ዝኸዱ። ኦቶማን ኢምፓየር ዝበሃል ነይሩ - ልክዕ ከምኦም ኣብ መበል 17 ክፍለ ዘመን። ብድሕሪኡ ዝመጸ እውን ብዝተፈላለየ መንገዲ ናይ'ዞም ሚስዮናውያን - ብስም ሃይማኖት ንስለያ ድዩ ካልእ መንገድታት ንምርኣይ፡ ንምድህሳስ፡ ቁሩብ ተቓውሞ ዘርኢ እንተኹይኑ ብሴፍ። ሃይማኖት እውን ንገዛእ ርእሱ ኣብዚ ከባቢ'ዚ፡ ምምጻእ ክርስትና ኣብዚ ከባቢ ብሰላማዊ መንገዲ እዩ ዝመጽአ። ከምዚ ኣብ ኤውሮጳ ዝኣተወ ወይ ካብ ማእከላይ ምብራቕ ዝነበረ ብኸምኡ ኣይተኣታአወን ክርስትና ኣብ ኤርትራ። ብሰላማዊ መንገዲ ምስቶም ደቀባት ኣብ'ዚ ከባቢ ዝነበሩ ብሰላማዊ መንገዲ ዝመጽአ እዩ። ናይ እስላም'ውን ክኣቱ እንከሎ፡ ብሰላማዊ መንገዲ'ዩ። ኣብ ካልእ ቦታ ኣብ ኩለን እዘን ሃገራት ኣዕራብ ንበሎ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ባልቲክ፡ ቱርክን ከባቢኡን ሱርያን ካልእን፡ ኣብ ኩለን እስላም ክኣቱ እንከሎ ብሰላማዊ መንገዲ ኣይኣተወን። ኣብ ኤርትራ ግን ብሰላማዊ መንገዲ፡ ብርድየት ናይ'ቲ ሰላማዊ ህዝቢ እዩ። እዚ እንታይ'ዩ ዘርእየካ፡ ክሳብ ክንደይ እቲ ኤርትራዊ ዜጋ ወይ ኤርትራዊ መበቆል ዝነበሮ ኣብ'ዚ ከባቢ፡ ስልጡን ምንባሩ እዩ። ቅድሚ ምውላድ ወይ ምምጻእ ናይ ክርስቶስ ቅድሚኡ ዝነበረ ሲቪላይዘሽን ገዲፍና፡ ብድሕሪኡ ዝመጽአ ኣብ'ዚ ከባቢ ዝቕመጥ ህዝቢ ክሳብ ክንደይ ስልጡን ምንባሩ የርእየካ። ናይ ሃይማኖት ኲናት ኣብ ኤርትራ ኣይተራእየን። ኣብ ካልእ ሃገራት ኣብ ኤውሮጳ ቅድሚ 300 ዓመት ኣብ መንጎ ካቶሊክን ኣብ መንጎ ፕሮቴስታንትን እዚ ዘይበሃል ደማዊ ኲናት እዩ ነይሩ። ኣብ ኤርትራ ግን ርኢና ኣይንፈልጥን። ሰሚዕና'ውን ኣይንፈልጥን። እስላም ናብ'ዚ ናይ

ኤርትራ ክመጽእ እንከሎ ብሰላማዊ መንገዲ'ዩ። ካብ ኤርትራ፡ ንኢትዮጵያ ንሱዳን ናብ ካልእ ከባቢታት ሶማል ብኤርትራ ኣቢሉ እዩ መጺኡ። መጀመርታ እስላም ክምስረት እንከሎ ጌና ኣብ መካ ከይተዘርግሐ እንከሎ ወይ እቲ ዳዕዋ ናይ እስላም ኣብ መካ ከይተዘርግሐ እንከሎ፡ ኣብ ኤርትራ'ዩ ተዘርጊሑ፡ ኣብ ባጽዕ'ዩ ተዘርጊሑ። ካብ ባጽዕ'ዩ ተበጊሱ ናብ ኩለን ቦታታት። እዚ ኩሉ ብምልኡ ክንርእዮ እንከለና፡ ከም ድሕረ-ባይታ ኤርትራ ሓደ ኣገዳሲ ከባቢ ምዃኑ'ዩ ዝርድኣና። ስለዚ፡ እዚ ህርፋን ናይ ዝተፈላለዩ እዞም ዝጠቐሶም ዝነበርኩ ነይሩ እዩ። ስዒቡ ክመጽእ ዝኽእል መግዛእቲ እዩ - ናይ ጸዓዱ መግዛእቲ፡ ናይ ኤውሮጳውያን መግዛእቲ፡ ናይ ጥልያን። ጥልያን እንታይ'ዩ ክገብር ደልዩ - ሓደ መሬት ክግብት፣ ካልኣይ ሃብቲ ናይ'ዚ ከባቢ ክጉሕጉሕ ንረብሓኡ ክገብር፣ ሳልሳይ ፋሺስታዊ ስርዓቱ ክዝርግሕ፣ ራብዓይ ብኤርትራ ተበጊሱ ንኢትዮጵያ ክሕዝ፡ ካብ ኤርትራ ተበጊሱ ናብ ካልእ ቦታታት ክዝርግሕ። ኣብ ኤርትራን ኣብ ሶማልን ህላዌኡ ኣረጋጊጹ፡ ንኢትዮጵያን ናብ'ዚ ደቡብ ናይ ሰሃራ ዘሎ ናይ ኣፍሪቃ ከመይ ገይሩ ይቆጻጸሮ ናቱ ኢምፓየር ክገብሮ እዩ ዝሓስብ ነይሩ። ህርፋን ምግባት - ብፍላይ ኤውሮጳውያን ገበትቲ ሓይልታት ዘንቀልዎ ኣተሓሳስባ እዩ። ግዳይ ናይ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት ኢና ነይርና። ካብ 41 ክሳብ'ዚ ሕጂ ዘለናዮ ኩነታት - 2021። ናብታ ሕቶ ንኽንመጽእ፡ ኣብዚ ህሉው ኩነታት ዳርጋ ዘየጋጠመና ነገር የለን። ናጽነት ኣምጺእና።



ናጽነት ክመጽእ እንከሎ ኩላትና ከምእንፈልጦ ብቐሊል ዝመጸ ኣይኮነን። ኣሽሓት መንእሰያት ኢና ከፊልና። ውሑድ ህዝቢ - ንኣመሪካ ገጢምና፡ ንእንግሊዝ፡ ንኢትዮጵያ፡ ንእስራኤል ከይተረረፈ ገጢምና ኢና ኣብዚ

ከባቢ'ዚ። ናታቶም ውዲታት ንምፍሻል እውን ገጢምና ኢና። እዚ ህዝቢ'ዚ ገጥ ኢሉ ክሳብ ሕጂ እዩ ተቓውሞኡ ዘርኢ ዘሎ። ናበይ ንምብጻሕ እዩ ዝገብርዎ ዘለዉ - ከመይ ገይርካ ነዛ ሃገር እዚኣ ተንበርክኻ እዩ። ምኽንያቱ፡ ናቶም ናይ ምዕራባውያን ኣጠማምታ ብፍላይ ኣብዚ እዋን'ዚ ክንርእዮ እንከለና፡ እናጐልሐ እዩ ዝኸይድ። ንሕና ቅድሚ 30-40 ዓመት ከምኡ ክንበል እንከለና፡ ካብ ገበትቲ ሓይልታት፡ ካብ ናይ ኤውሮጳ መግዛእቲ ክንጥንቀቕ ኣለና፡ ነብስና ክንውድብ ኣለና ማለትና እዩ። ህዝብና ከነንቅሕ፡ ህዝብና ከነዕጥቕ ኣለና፡ ህዝብና ንቕድሚት ክንብል እንከለና፡ ነዚ ናቶም ጎበጣ ተረዲእና ኢና። ሕጂ እዚ ተቓሊዑ እዩ። ተራ ኤውሮጳውያን ኣብዚ ከባቢ እንተርኢናዮ ዘሕፍር ሕንከት እዩ። ኣብ ኣፍጋኒስታን ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማት፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማት፡ ኣብ ሶማል ዝገብርዎ ዘለዉ፡ ኣብ ሊብያ፡ ሶርያ ዝተራእየ - ውጽኢት ናይቲ ግጉይ ስትራተጂካዊ ጎበጣኦም እዩ። ናትና ህሉው ኩነታት እምበኣር ኣብ ከምዚ ኩነታት እዩ ዘሎ። ኣብዚ እዋን'ዚ ብከምኡ ክንርድኦ ክንክእል ኣለና።



ናጽነት ካብ ዝኣወጅናሉ 1991 እንታይ ገይርና እንተልና? ኣብተን ቀዳሞት 10 ዓመታት ከም ኣብነት ክጠቕሶ ዝደሊ - ሓደ፡ ካብ ሓደ ናይ ሓርነት ቃልሲ ናብ ሓደ ቀዋሚ ዝኾነ ምህናጽ መንግስትን ብድሆታትን ኢዩ ኣጋጢሙና ክንብገስ እንከለና። ከመይ ገይርካ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ኢኻ ነይርካ - ምዕቡል ዝኾነ ፖለቲካዊ ስርዓት ከተቕውም፡ ሃገር ክትሃንጽ፡ መንግስቲ ከተደልድልን ክትምስርትን፡ ንዓኡ ክንተክል ዘጋጠመና ብደሆ እዚ ዘይበሃል እዩ። ነዚ ሰጊርናዮ ኣቕሚምናዮ። ካልኣይ ክጥቀስ ዝከኣል፡ ምቛም ግዝያዊ መንግስቲ ወይ ግዝያዊ ምምሕዳር እዩ። ተቐላጢፍና ግዝያዊ ዝኾነ

መንግስቲ ኢና ኣቑምና። እዚ መንግስቲ'ዚ ብዙሕ ሰሪሑ እዩ። ሕጂ እውን በቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ጠመተ እዩ - ጠመተ ናይ ህዝባዊ ግንባር ብኸምኡ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ሓድሽ ጠመተ ወይ ሓድሽ ፍልስፍና ዘምጽአ ኣይኮነን። ፍልስፍና ናይ ብረታዊ ቓልሲ እዩ ክሳብ ሕጂ ዝኸይድ ዘሎ።

ሳልሳይ፡ብ23 ሚያዝያ 1993 ዝተኻየደ ረፈረንዱም ክንጠቅስ ንኽእል ኢና። ሓደ ካብ ፍጻመታት ናይ ህዝባዊ ግንባር ናይ መንግስቲ ኤርትራ እዩ። ራብዓይ፡ ምቛም ሃገራዊ ባይቶ እዩ። ባይቶ ንመጀመርታ እዋን፡ ጥዑይ ዝኾነ ባይቶ። ባይቶ ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን ኣብ ኤርትራ። እንግሊዝ ክመጽእ እንከሎ - ኣብ ግዜ ፈደረሽን፡ ኣብ ካልእ ከባቢታት ዘይነበራ ኣብ ኤርትራ ሰልፍታት ነይረን። ናጽነት ዝበሃል ግን፡ ንመጀመርታ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ክለዓል እንከሎ ዝመጸ ኣጠመምታ እዩ። ቅድሚኡ፡ ምስ ኢትዮጵያ ክንረዳዳእ፡ ምስ ኢትዮጵያ ክንሰማምዕ ሓገዝ ናይ ደገ ከድልየና እዩ፡ ናይ እንግሊዝ ናይ ኣመሪካ ከድልየና እዩ እናተባህለ፡ ብስም ደሞክራሲ እንግሊዝ ዘተኣታተዎ - እዚ ሃገር'ዚ ከምዝርመስ እዮም ገይሮም። ንመጀመርታ እዋን ድሕሪ ምስጓጐ መግዛእቲ፡ ሓደ ሃገራዊ ባይቶ ነብሱ ዝኸኣለ፡ ብህዝቢ ዝቖመ ህዝቢ ዝመረጾ ቈይሙ። እንሊዝ ዝመረጽዎ ዋላ እቲ ባንደራ ናይ ኤርትራ ኣየናይ ባንደራ እዩ ንሱ? ባንዴራ ናይ ኤርትራ ኤርትራውያን ዲዮም መሪጾምዎ? ሕቡራት ሃበራት ዝመረጾ ኣንዞ ማተንዞ ምስ ካልኦት ተመሻጢሮም፡ ምስ እንግሊዝ በቃ ሓደ ባንደራ ልጣፍ ዝኾነ ሰረት ወይ መግለጺ ዘይብሉ፡ ንመንነት ናይ ኤርትራውያን ዘህስስ ኣቑሞም። ኣብ መወዳእታ እቲ ባይቶ ጸቕጢ ምስ በዝሖ፡ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ንኽትሕወስ እዩ ወሲኑ። ክውስን እንከሎ ብዙሓት ነይሮም ንዓኡ ዝቃወሙ። ግን ሓይሊ ብረት ስለዝነበረ፡ ኢትዮጵያ ኣብዚ ክኣትዉ እንከለዉ፡ ኣብ ግዜ ምውዳቕ ናይ እንግሊዝ፡ ምስዓር ናይ ፈደረሽን፡ “እምቢ ያለ ሰው ጥይት ኣጉርሰው” እዮም ዝብሉ ነይሮም። እምቢ ዝበለ ሰብ ጥይት ኣኾልሶ። እንታይ ማለት እዩ'ዚ እንተበልና፡ ነብሱ ዝኸኣለ ኤርትራዊ - መንነት ከምዘይብሉ፥ ጥብቆ! ናይ ኢትዮጵያ ኮይኑ፡ ንረብሓታት ናይ'ዚ ዝገልጾ ዘለኹ ስትራተጂካዊ ረብሓታት ናይ'ዞም ገበትቲ ንምሕላው ተባሂሉ ዝተገብረ እዩ። ካልእ ትርጉም የብሉን፡ እቲ ምኽንያት እዚ እዩ። ስለ'ዚ ምቛም ሃገራዊ ባይቶ ክንብል እንከለና፡ ባይቶ ንኸይቀውም ዘጋጠመና ሽግራት፡ እዚ ባይቶ'ዚ ከምዘይሰርሕ ንምግባር፡ ብዙሕ ርኢና ኢና። ምስ ኢትዮጵያ ምስ ወያነን ምስ ኣመሪካን ከመይ ገይሮም ከምዝተኣሳሰሩ ንምግባር ዝስራሕ ዝነበረ እዩ። ዘይደለይዎ ሽንኮለል እዮም ዘብልዎ። ረብሓ - ኣብ ኤውሮጳ ኮይኑ፡ ኣብ ኢንግሊዝ፡ ኣብ ሮማ ኮይኑ - ባይቶ ዘይብላ ሃገር፡ ጋዜጣ

ዘይብላ ሃገር፡ ሓንቲ ተለቪዥን፡ ሓንቲ ጋዜጣ፡ ሓንቲ ጽርግያ ዘላታ ሃገር እናተባህለ ንምንሻው ዝግበር ዝነበረ ተግባራት ቀሊል ኣይኰነን። ብምልኡ እዚ ኣንጻር ኤርትራ ዝግበር ዘሎ፡ ብምዕራባውያን ገበትቲ ዝድፋእ ዘሎ እዩ። ካልእ ክጥቀስ ዝኽእል - መድረኽ ካልኣይን ሓድነታዊን ጉባኤ ንገዛእ ርእሱ፡ ሰውራ ኤርትራ ንከይድሕን ንኽበታተን ዝተፈላለዩ ውዲታት'ዩ ዝግበር ነይሩ። ናትና ተመኩሮ ክንርእዮ እንከለና፡ ምቛም ብረታዊ ቃልሲ ንገዛእ ርእሱ፡ ኣወዳድባኡ ኣቃውማኡ ስትራተጂካዊ ኣጠማምታኡ፡ ኣዝዩ ድሑር እዩ ነይሩ። ካብ ቀዳማይ፡ ክሳብ ሓሙሻይ ክፍልታት ቆይሞም ነይሮም - ንምንታይ ክንብል ኣለና? ንረብሓታት ናይ ገለ ኣውራጃታትን ቀቢላታትን ተባሂሉ እዩ። ነቲ ሃገራዊ ዝብሃል ነገር'ዩ ነይሩ ክበሃል ኣይከኣልን። ድሕሪ 10 ዓመት ኹናት ሓድሕድ ኣብ ንሓድሕድና ከምእንፋለስ ዝገበሩ ብዙሓት እዮም። ሰጊርናዮ ሓድነት ናይ ኩለን ኣብ መወዳእታኡ ብሓደ ኮይኑ። ኣድማዒ ዝኾነ ስርሓት ከኣ ከሰላስል ክኢሉ። ናጽነት ተረጋጊጹ ናጻ ንኽይንከውን ከኣ፡ ኣንጻርና ዝተኣልመ ተጻብኦታት ቀጺሉ። 6-7 ዓመታት ጥራይ እየን ብሰላም ኣዕሪፍናለን። ካብ 1991 ክሳብ 1997። እዚ ከማን ብናትና ተበግሶ እዩ። ኢትዮጵያ ንኽይትመቓቐል ንኽይትበታተን፡ ምስ ወያነ ብሓባር ኮይንና ንረብሓ ናይ ኣኽረርቲ ወያነ ዘይኮነስ ምስ ህዝቢ ትግራይ፡ ህዝቢ ኦሮሞ፡ ህዝቢ ኣምሓራ - ኩሎም ህዝብታት ኢትዮጵያ ብሓባር ኮይንና፡ ንሓንቲ ምዕብልቲ ምስ ጐረባብታ ዘይትናኸስ ኢትዮጵያ ንምህናጽ ሰሪሕና። እዚ ስተራተጂካዊ ኣጠማምታ ንኽይትግበር፡ እዞም ገበትቲ ሓይልታት፡ ንወያነ ከመይ ገይርካ ትጥብጥባ. . . ኣብ 1998 ኹናት ኣዊጆሙልና። ቀዳማይ ካልኣይ ሳልሳይ ወራራት። እዚ ናበይ ንምብጻሕ እዩ ነይሩ - ቀንዲ ዕላማኡ ዳግም ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ጽላል ወያነ ከምእትኣቱ፡ ኣብ ትሕቲ ድንጋጸ ወያነ፡ ንኢትዮጵያ ኩላ እውን ብወያነ ከምእትግዛእ፡ ከምእትመሓደር ንምግባር እዩ። ኤርትራ ከምእትደሃል፡ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ከምእትኣቱ፡ ድሓር - ኣብ ኢትዮጵያ ዝመጽእ ስርዓት ንረብሓ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘይኮነ ንዓኦም ዝውክል ስርዓት ንምትካል እዩ ነይሩ። ስለ'ዚ እቲ ህሉው ኩነታት ሃገርና ሓፈሻዊ ምስ ከም'ዚ ዝተኣሳሰር እዩ - ኢልና ክንዛረብ ንኽእል።

*ካብ ምዝዛም ካልኣይ ኲናት ዓለም ጀሚርካ፡ ኤርትራ ሃገርና ተጻብኦታት ብፍጹም ኣይተፈለያን ዘሎ። በብመድረኹ መልክዓቱ እናቐያየረ ሰላም ከሊእዋ ዘሎ ተጻብኦታት እንታይ'ዩ መንቀሊኡ? ኣብዚ ተጻብኦታት ተራ ናይ ሃገራትን ውድባትን ብኸመይ ይግለጽ? ግብረ-መልሲ ናይ ህዝቢ ኤርትራኸ እንታይ'ዩ ጸኒሑ?*

ከምቲ ዝበልኩዎ፡ እቲ ናይ ምዕራባውያን ተጻብኦ ካብ 1941 ክሳብ ኣብዚ እዋን'ዚ ክገልጸ ክፍትን'የ። ምናልባት ኣብዘን ዝሓለፉ 10 - 20 ዓመታትን ቅድምኡን መሳርሒ ምዕራባውያን ዝነበረ፡ ወያነ'ዩ። ወያነ ስለምንታይ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኩናት ኣዊጁ? ብምንታይ ምኽንያት? እንታይ ስለዝኾነ? ባድመ ኣመሳሚሲካ? ባድመኮ ካብ ጥንቲ ኣካል ናይ ኤርትራ ድኣ'ምበር ናይ ኢትዮጵያ ኣይነበረትን። እንታይ ኣምጽኦ'ሞ እዚ ኹሉ? ኣብኡ ነይርና፡ ኣብ ዓዲ ምሩጻ ታዕሊም ንወስድ ነይርና ኢና ይብሉ፡ እሞ ኣብኡ ታዕሊም ትገብር እንተነይርካ ደኣ'ሞ፡ ኣብ ኤርትራ - ብሌቓት፡ ማህሚመት እውን ታዕሊም ይወስዱ እንድዮም ነይሮም፡ ኣብኡ ንዕልሞም እንዲና ነይርና። ስለዚ ማህሚመትን ብሌቓትን ሳሕል ኩሉ ብምሉኡ ናይ ትግራይ'ዩ ማለት'ዩ። ብኸምዚ ዓይነት ኣጠማምታ ክንርእዮ እንድሕር ድኣ ኮይንና..... ምስምስ እዩ። እንታይ'ዩ እቲ ምስምስ፡ ከመይ ገይርካ ኩናት ትኸፍት'ዩ። መጀመርታ ወያነ ንገዛእ ርእሱ ሓደ ካብቲ ፖሊሲኡ ዝነበረ ምግባት፡ ምጥራር ናይ መሬት እዩ። ኣብ ኤርትራ ሓደ ካብቲ ንሱ ዝገበሮ ምምስራት በይናዊ ዝኾነ ሰራዊትን ምምሕዳርን'ዩ። ካብ ቁጽሪ ናይ ኢትዮጵያውያን ክንርኢ እንከለና ሽዱሽተ ካብ ሚእቲ እዮም። ሽዱሽተ ካብ ሚእቲ ኣብ ልዕሊ ቴስዓን ገለን ሚእታዊት ዝበጽሑ ኢትዮጵያውያን ናታቶም ምምሕዳር፡ ፖሊስ፡ ሰራዊት፡ ጸጥታ፡ ናታቶም ቍጠባዊ ትልሚ ንምንጋስ፡ በብቑሩብ መሬት ንምውሳድ እዩ። እዚ ኹሉ ሕጂ ዘካትዕ ዘሎ፡ ዘዛርብ ዘሎ ናይ ሑመራ በሎ ናይ ራያ በሎ ናይ ካልእ ብምሉኡ ብሓይሊ ዝውክል መዓስ ዝመጸ'ዩ? ንሳቶም ኣብ ስልጣን ምስ መጽኡ እዩ። ናበይ ንምብጻሕ'ዩ? መሬት ከመይ ገይርካ ትግብት? ብሰላም ዘይከውን? መሬት እንተሎ ህዝብታት ብሰላማዊ መንገዲ ይነብሩ እንድዮም። ንኣብነት ኣብ ሱዳን ኣብ ፈሻጋ እንተርኣና፡ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝግመቱ ኢትዮጵያውያን ኣብኡ ይሓርሱ፡ ይበልዑ ይሰትዩ ነይሮም። ኣብኡ ይበልዑ ይሰትዩ እንተነይሮም እንታይ'ያ እታ ጸገም? እሞ ብኸምኡ ዘይፍታሕ - ስለምንታይ ምግባት? በቲ ናታቶም ኣጠማምታ ነዛ ዓባይ ትግራይ ትብሃል ከመይ ገይርካ ኢኻ ናይ መሬት ጎበጣ ትገብር? ከመይ ገይርካ ንዓኻ ዝውክሉ ሰራዊት ትፈጥር? ኣብ ግዜ ወያና ሰራዊት ናይ ኢትዮጵያ እንተርኢና ዳርጋ ሰማንያ ካብ ሚእቲ ኩሉ እቲ ቦታታት ንተጋሩ ማለት ንወያነ ዝሓዝኡዎ'ዩ ነይሩ። ሰዓብቲ ናይ ወያነ ኩሎም ተጋሩ'ውን ኣይኮኑን። ምምሕዳር'ውን ልክዕ ከምኡ። ኣብ ኤርትራ ከኣ ፖለትካዊ ስርዓት ከም ዝብርዕን ንምግባሩ ተሰሪሑሉ። ብቃልሲ ዝመጸ ፖለቲካዊ ስርዓት ናይ ህዝባዊ ግንባር ከመይ ገይሩ በርዒኑ ከመይ ገይሩ ንዕኣም ከርብሕ ዝኽእል ሓደ ባንቡላ ንበሎ ስርዓት ኣብ ኤርትራ ይትከል'ዩ ነይሩ እቲ ኣጀንዳኦም። ሽዑ መወዳእትኡ ኤርትራ ምስ ትግራይ

ክትሕወስ ማለት'ዩ። ሽዑ ዓባይ ትግራይ ትፈጥር። ሽዑ ድማ'ዩም ከም ዘሰንፉ ዝዛረቡ። ዓባይ ትግራይ መስሪትካ ዓባይ ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ዓባይ ትግራይ ከም ትኣቱ ንምግባር'ዩ። ስለዚ፡ እዚ'ዩ እቲ ጠመተ ናይ ወያነ። ብኸምዚ ዝመጸ'ዩ፣ ሱቕ ኢልካ ዝመጸ ኣይኮነን። እቲ ናቶም ኣብ 1970ታት ዘምጽእዎ ማኒፌስቶ ብግህዶ ንዕኡ ዘንጸባርቕ'ዩ። ክልል ምግባር እንታይ ኣምጽኦ? ኢትኒካዊ መንገዲ ትግራይ ንበይኑ፡ ኣምሓራ፡ ኦሮሞ፡ ሶማል፡ ዓፋርን ካልኦትን ከኣ ንበይነን። ስለምንታይ ብሓደ ዘይከውን? ስለምንታይ ብኹሉ ብሓደ ተሓዋዊሱ ነቲ ንኢትዮጵያን ንህዝቢ ኢትዮጵያን ከርብሕ ዝኽእል ፖለቲካዊ ስርዓት ዘይትከል? ስለምንታይ ናይ ወያነ ኣጠማምታ ዘለዎ ስርዓት ዝትከል? ካብዚ'ዩ ዝመጽእ። ነዚ ንምትግባር እንታይ ክገብሩ ኣለዎም - ወራር ክጅምሩ ኣለዎም። ባድመ እንታይዶ በይዶ ኢልካ ምስምስ እዩ። ብድሕርኦም ከኣ ጎይተቶም ብዙሓት ነይሮም። ኣመሪካውያን ገበትቲ፡ ንዕኦም እናደፋፍኡ እቲ ኲናት ከምዝቕጽል ገይሮሞ። ኣብ ክንዲ ብልዝብ፡ ብሰላም ብጽቡቕ መንገዲ ከምዝፍታሕ ምግባር፡ ብኲናት ጥራይ ከምዝኽየድ ገይሮም። ኲናት ከኣ ነዛ ክሳብ ሕጂ ንርእያ ዘለና ትግራይ ሓሚሱዋ። ካበይ ዝመጸ'ዩ እዚ ምሕማስ እንተበልካ፡ ካብቲ ኣጠማምታ ናይ ወያነ ዝመጸ'ዩ። ካብ ካልእ ኣይኮነን። ካብ ኢትዮጵያውያን ዝመጸ ኣጠማምታ ኣይኮነን። ጌና ክሳብ ሕጂ ናይ ምግባት ሸውሃቶም ዘይተገትአ የለዉን ማለት ኣይኮነን። ብሓፈሽኡ ክንዛረብ ከለና ግን፡ ኢትዮጵያ ሓደ ነፍሱ ዝኸኣለ ምስ ኤርትራ ብሓባርን ብሰላምን ክሰርሕ ዝኽእል፡ ምስ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ምስ ሱዳን፡ ሶማል፡ ጁቡቲን ካልኦት ሃገራት ናይዚ ከባቢን ክሰርሕ ዝኽእል ስርዓት ፈጢራ ኣላ። እዚ ከባቢ ናይ ሰላም፡ ብልጽግናን ዕብየትን ንክኸውን፡ ህዝባዊ ግንባር ካብ ሰብዓታት ኣትሒዙ'ዩ ክሰርሓሉ ጸኒሑ። ናይ ወያነ ግን ካልእ መልክዕ'ዩ። ሰለስተ ቅሉዓት ወተሃደራዊ ወራራት ኣካዪዱ። ካብ 1998 ክሳብ 2000 ዓ.ም ማለት'ዩ። ቀጻሊ ዘየዐርፍ ደማዊ ኲናት ናበይ ንምብጻሕ'ዩ? እንታይ ኣምጽኦ እዚ ኹሉ? እቲ ክሳራታት ናይ ሰብ፡ ብወገን ወያነ እንተድኣ ርኢናዮ - ከባቢ 110 ሽሕ ሃሊቑ እዩ። ወተሃደር፡ ህዝቢ፡ ንብረት፡ ኩሉ ግደፎ - ዝባኽነ ዕድላት ክልካዕ ዝኽእል ኣይኰነን። ንሕና በቲ ንሶም ዝወልዑልና ኲናት 20 ሽሕ ዝኸውን ሰብ ከሲርና ኢና። ናበይ'ዩ? ብሰላም ዶ ኣይምሓሸን? እዚ ኹሉ ክሳራታት እንታይ ኣምጽኦ? እዚ ናይ ወያነ ጠመተ ካብ ከምዚ ዝተበገሰ'ዩ።

*ካብ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ 1961 ጀሚርና ክሳብ ሕጂ ሰላም ኣየውሓስናን፡ ኣየረጋገጽናን ኣለና። ሕሉፍ ሓሊፍካ ነቲ ብክንደይ ቃልሲ ዝጨበጥናዮ ናጽነት'ውን ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ንኽምንጥሉና ምስ ስርዓታት ኢትዮጵያ*

***ብምትሕብባር ካብ ቀጥታውን ተዘዋዋርን ኲናት ጌና ኣይተገላገልናን ኣለና? ናይዚ ምስጢር ብልክዕ እንታይ'ዩ? እቲ ምስጢር ናይ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ። እንታይ'ዩ ህዝቢ ኤርትራ?***

**መጀመርታ ናይዞም ገበትቲ'ሞ ንውሰድ ድሓር ክንመጾ ኢና። ወያነ ከምዚ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ'ዩ። ምዕራባውያን ማለት ኣመሪካውያንን ኤውሮጳውያንን እዮም። ናይ ብሓቂ ዲሞክራት ዝኾኑ ንረብሓ ህዝቢ ዝሰርሑ ኣመሪካውያን ኤውሮጳውያን የለዉን ማለት ኣይኮነን። እቲ ጸገም ኣብ ኤውሮጳ ዘሎ፡ ኣብ ኣመሪካ ዘሎ ምምሕዳር፡ ኣውራ ድማ እቲ ናቱ የማናይ፡ ዓቃባዊን ገባቲን ክንፊ እዩ። ብዝተፈላለየ መልክዓት ነዚ ዓለም'ዚ ተቖጻጺሩ ዘሎ እዩ። ብፋብሪካታት፡ ብኢንዳስትሪታት፡ ብንግዲ፡ ብስትራተጅካዊ ኣጠማምታ፡ ብፖለቲካዊ፡ ድፕሎማስያዊ ጸቕጥታት ዝተቖጻጸረ ሓይሊ ኣሎ። እቲ ገባቲ ሓይሊ ከመይ ገይሩ ይግብት እዚኣ እያ እታ ክንርድኣ ዘለና። ናይ ምዕራብ ክንርኢ እንክለና፡ እቲ ቅድም ቀዳድም ናይ ኣመሪካ ዝንቡዕ ፖሊሲ'ዩ።**




**ናቶም ፖሊሲ ናይ ኣንከር ስተጅ ምህናጽ'ዩ። እንታይ ማለት'ዩ ናይ ኣንከር ስተጅ? እቲ ሓደ ኤርትራ ናጻ ምስ ወጽአት ካብ ግዜ ክሊንቶን ኣትሒዞም ዝሰርሑሉ ዝነበሩ ኣብ ኣፍሪቃ ኣንከራት ምግባር'ዩ። እቲ ሓደ ኣንከር ናይ ኢትዮጵያ'ዩ። ኢትዮጵያ ንመን ክትቈጻጸር? ንሱዳን፡ ንኤርትራ፡ ንሶማል ንጁቡቲ ክትቈጻጸር። ኬንያ ከኣ ምስኣ ሓዊስካ። ኬንያን ኢትዮጵያን**

ማለት'ዩ። ናይ ኣመሪካ ናይዞም ገበትቲ ሓይልታት እንብሎም ዘለና ዘተግብሩ ኣንከራት ማለት'ዩ። ካልእ ናቶም ኣንከር ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃ ግብጺ እያ። ግብጺ ንመን ክትቈጻጸር? ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃ ንዘለዋ ሃገራት - ንሊብያ፡ ቱኒዝያ፡ ኣልጀርያ፡ ሞሮኮን ማውሪታንያን ማለት'ዩ። ኣብ ምዓራብ ኣፍሪቃ ከኣ ናይጀርያ ተመሪጻ። ንመን ክትቈጻጸር? ነተን ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝርከባ ሃገራት። ብኸምዚ ዓይነት ንኣፍሪቃ ብኸመይ ትመቓቕላ'ዩ እቲ ኣጀንዳ። ንሕና ነዚ ኹሉ ኣንከራት ንቃወሞ ነይርና፡ ርእይቶ'ውን ንህበሉ ነይርና። እቲ ኣንከር ናይ ኢትዮጵያ ዝነበረ ቀንዲ ዕላማኡ ንኤርትራ ንምጉባጥ'ዩ። ከመይ ገይርካ ንኢትዮጵያ ኣሐይልካ ተጕልሓ'ዩ ነይሩ። ንሕና ምስ ኢትዮጵያ እንታይ ጸገም ኣለና፡ ዋላ ሕጂ'ውን ኣነ ዝብሎ፡ ኢትዮጵያ ጎረቤትና'ያ - ረብሓታት ኣለና። ፖለትካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ንግዳዊ፡ ባህላዊ ዝተፈላለየ ብሓባር ዝጠምረና ረብሓታት ኣለና። ነዚ ረብሓታት'ዚ ከመይ ገይርና ንጥቀመሉ'ዩ እቲ ሕቶ። እዚ ክብል እንከለኹ፡ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ከመይ ገይሩ ከይገበተ ተደጋጊፉ ይኸይድ እዩ። ኢትዮጵያ ንኤርትራ ከምዘይትግብት፡ ኤርትራ ድማ ንኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻራ ከምዘይተእቱ ምግባር ማለት'ዩ። ነዚ ረብሓታት'ዚ ክንብል ኣቐዲምና ከመይ ገይርና ብሓባር ንሰርሕ ኢና ንብል ዘለና ንሕና። ኣመሪካ ግን ነዚ ኣይደልዩዎን እዮም። ብቐንዱ ዝብልዎ ዝነበሩ፡ ኤርትራ ትብሃል ሃገር ካብ መሬት ክትጠፍእ ኣለዋ ዝብል እዩ። እንታይ ገይራ? እቲ ምኽንያት ኤርትራ ስለዝተቓወመት እዩ። ኣብ 1941 ስለዝተቓወመት እዩ። እቲ ተቓውሞ ናትና፡ ናይ ኣቦታትና ልሙስ ተቓውሞ'ዩ ነይሩ። ኣብ ኣንድነት፡ ኣብ ሰልፊ ኣራቢጣ ኣልእስላሚያ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ዝነጥፉ ነይሮም እዮም። እንታይ እዩ ረብሓኦም እንተድኣ ኢልና፡ ሓንሳብ ናይ ቀቢላ፡ ሓንሳብ ድማ ናይ ኣውራጃን ሃይማኖትን ረብሓታት ንምንጋስ ተባሂሉ ዝግበር ዝነበረ እዩ። ልሙስ ተቓውሞ ድማ እዩ ነይሩ። ኣብ 1941 ጥልያን ወጺኡ እንግሊዝ ክኣቱ ከሎ፡ እቶም ኤርትራውያን ዝብሃሉ ናይ ብሓቂ ሓድነት ነይሩዎም እንተዝነብር፡ ኣንደነት እንታይ ኣምጽኦ? እቲ መጀመርታስ ሕራይ ኤርትራ ንኤርትራውያን እዩ ዝብል ነይሩ። ድሓር ግን እቲ ኣንድነት "ኣንደነት ወይ ሓድነት ምስ ኢትዮጵያ" ክብል ጀሚሩ። እንታይ ማለት'ዩ? ንኹላ ኤርትራ ጨፍሊቕካ ጨፉሊቕካ ኣካል ናይ ኢትዮጵያ ከም ትኸውን ንምግባር'ዩ። ካበይ ዝመጸአ እዩ እዚ ኹሉ ኣጠማምታ እንተበልካ፡ ናይዞም ሰብ ፍሉይ ረብሓ ኤርትራውያን እዩ። ኣብ ግዜ ሰውራ'ውን ልክዕ ከምኡ እቲ ሰውራ ኣብ ክንዲ ብቕኑዕ መንገዲ ዝኸይድ፡ ነዛ ዘውረሱና ኣብ መበል 19 ክፍለ-ዘመን ዝተመስረተት ኤርትራ

ንኸይትመጽእ እዩ ነይሩ እቲ ኣካይዳ። ስለዚ እቲ ኣንከር ወይ መልሕቕ ኣጠማምታኡ ናብ ከምዚ ንምብጻሕ’ዩ።

እንታይ ደልዮማ ንኤርትራ? ከመይ ገይራ ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዝጠቐስክዎ ኣንከር ትኣቱ እዩ። ናይ ደሴታት፡ ናይ ባሕሪ፡ ናይ ኣፍደገ ባሕርን ወደባትን፡ ናይ ማርሳታት፡ ሃብቲ ኤርትራ ውሑድ ኣይኮነን። ብሕርሻ እንተርኢናዮ ናይ ብሓቂ እንተድኣ ሰሪሕና፡ መደባትና እንተደኣ ከነማዕብል ክኢልና ንዓና ጥራይ ዘይኮነ ንብዙሓት ክንሕግዝ ንኽእል ኢና። ክንደይ ሚልዮናት ሄክታራት ኣሎ፡ ክንሰርሖ እንተደኣ ክኢልና፡ እንተደኣ ኣልሚዕናዮ።




ንኸይንተብዕ፡ ንኸይንሰርሕ ግን ዕንቅፋታት ናይዞም ኣንከራት ዝብሃሉ ማእለያ የብሉን። እዚ’ዩ እቲ ሓደ ዝንቡዕ ኣጠማምታ ናይ ኣመሪካ ጸገም ዘምጸኣልና። ካልእ ዝንቡዕ ክንብሎ እንኽእል ናይ ፖለቲካን ቁጠባን ከበባ እዩ። ንኤርትራ ከመይ ገይርካ ብቑጠባን ፖለቲካን ተኸብባ? ከምዘይ ትዋሳእ ትገብራ፡ ምስ ስዑድያ ምስ ሱዳን ብጽቡቕ ከይንዋሳእ፡ ከምዚ ሕጂ ዝግበር ዘሎ ፈተነታት፡ ሱዳን ካብ ኤርትራ ይኹን ካብ ኢትዮጵያ ከርሕቑዋ፡

ካብዚ ከባቢ ከርሕቐዋ ማለት'ዩ። ሱዳን ናይ ኣመሪካ ኮይና፡ ነዞም ኩሎም ከመይ ገይራ ከምትቈጻጸሮም ንምግባር ዘሎ ፖለቲካዊ ድርኺት ክንፈልጦ ዘለና'ዩ። ሎሚ ዝመጸ ኣይኮነን። ካብ ቅድም ኣትሒዙ ዝመጸ'ዩ። ሰብ ግን ይርስዖ'ዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ናይ ህሉው ኩነታት እንተደኣ ርኢኻ፡ ኣመሪካ ኣብ መንጎ ኤርትራን ሱዳንን ስኒት ንኸይህሉ? ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ስዑድያን፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢማራትን፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ጅቡትን ... ኣብ መንጎ ካልኦትን ስኒት ንኸይህሉ፡ ኣብዛ እዋን እዚኣ ዝሰርሑ ዘለዉ፡ ኣብዚ ህሉው ኩነታት ክንርኢ እንተድኣ ኮይንና፡ ካበይ ዝመጽአ'ዩ? ኤርትራ ብፖለቲካ ከምዘይትዋሳእ፡ ኣካል ናይዚ ከባቢ ንኸይትኸውን ሰናይ ጕርብትና ንኸይህልዋ፡ ምስ ሱዳን ዝኾነ ምኽንያት ምፍጣር። ቅድሚ ሕጂ ኩላትና ከምእንዝክሮ ናይ ወያነ ጥራይ ከይኣኽሎም ቅድሜኡ ናይ ሓኒሽ ነይሩ። ሓኒሽ ካበይ ዝመጽአ'ዩ? ሓኒሽ ጥራይ ዘይኮነ ዝቑር ንገዛእ ርእሱ። ዝቑር ሓኒሽ - ሶውር ሓኒሽ፡ እዚ ከባቢ ሓኒሽ ዝቑር ዝብሃል ናይ ኤርትራ እዩ ነይሩ።




ምኽንያት ኣምጺኦም። ኤርትራ ምእንቲ ንባብ ኤልመንደብ ንኸይትቈጻጸር። ዝቑር እንተደኣ ከይዳ፡ እቲ ባሕሪ ዝበዝሕ ክፋሉ ናብ ኤርትራ ንኸይከይድ ተባሂሉ'ዩ። ስለዚ ፍርቂ ንየመን ፍርቂ ንኤርትራ ተባሂሉ፡ ብውዲት ናይዞም ሰብ ረብሓ። ፖለቲካዊ ምውሳእ ከምዘይህልዋ ንምግባር ተባሂሉ እዩ። ዝገርም

ከኣ ኣብቲ ናይ ሓኒሽ ክትርእዮ እንክለኻ፡ ኣብ ሓኒሽ ንሕና መጺእና ዓሳ ክንገፍፍ፡ ኣብኡ ክንሓድር፡ መርዓ እንተለና መርዓ ክንገብር፡ ንግደት እንተለና ንግደት ክንገብር፡ ክንዛወር ኩሉ መሰል ሂቦምና። በየናይ ሕጊ'ዩ እዚ? በቲ ሓደ ሸነኽ እቲ ማያዊ ከባቢ ናይቲ ሓኒሽ ንየመን ክኸውን ኤርትራውያን ግን፡ ዓሳ ክገፉ፡ ኣብኡ ክመጹ፡ መርከቦም ከዐርዩ፡ ዕረፍቲ ክወስዱ ዝኾነ ይኹን ማሕበራዊ ምውሳእ ክገብሩ መሰል የፍቅድ። ዝምቡዕ ዝኾነ'ዩ። ናበይ ንምብጻሕ'ዩ፡ ከመይ ገይራ ኤርትራ ከም ትኽበብ።



ብቑጠባ ከኣ ክንደይ ፈቲኖም። ናትና ማዕድን ንኸይነውጽእ፡ ናትና ሕርሻ ንኸይንገብር፡ ኤክስፖርት ንኸይንገብር ወዘተ። ኣግሂዶም እውን "ኣብ ባጽዕ ኣየር ፖርት ምስራሕ ንምንታይ ኣድለየኩም?" ይብሉ ነይሮም። "ኣብ ገርሰት ዓቢ ዲጋ ሰሪሕካ ሕርሻ ምግባር ንምንታይ ኣድለየኩም?" "ወደብ ዓሰብ ንምንታይ ተዐርይዎ?". . . ናበይ ንምብጻሕ'ዩ እዚ ኹሉ - ዘገርም'ዩ። ብቑጠባ ንኽንሕነቕ፡ ካልእ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ማለት እዩ። መን'ዩ እዚ እገዳ ኣብ ልዕሌና ኣምጺእዎ? ኣመሪካ እዩም ካልኦት ኣይኮኑን። እቲ ሓያል ዝበሃል እቲ ሓያል'የ ዝብል ዘሎ'ዩ። ሕጂ ግን ረኺብዋ'ዩ። ሓይሉ ርኢናዮ ኢና። ኣብ ኣፍጋኒስታን ሓይሉ ተራእዩ። ቅድሚኡ ኣብ ሶርያ ሓይሉ ርኢናዮ። ኣብ ካልኦት እውን ርኢናዮ። ብረት ኣለዎም፡ ኣጽዋር ኣለዎም ኩሉ ኣለዎም። ሓንጎል'ዩ ግን እቲ ወሳኒ። ሓንጎል ብረብሓታት ተበላሽዩ ተቑማጢ። ከመይ ገይርካ ትግብት? ንሓደ ንእሽቶ ሃገርን ህዝብን ከመይ ገይርካ ትግብቶ፡ ናትካ ስትራተጂ ተተግብር። ካልእ ዝኸፍአ ፍልሰት ናይ መንእሰያት እዩ። እዚ መንእሰይ ከመይ ገይሩ ዓዱ

ገዲፉ ሃፍ ከም ዝብል ትገብሮ? እዚ ዲክታቶርያራዊ ስርዓት፡ ናይ ሙሽዓርፍ ስርዓት፡ ናይ ከምዚ ስርዓት እናበልካ ጸለመ ምቕባእ እዩ። ኦባማ፡ ን10 ሽሕ ኤርትራውያን ብነጻ ናብ ኣመሪካ ክኣትዉ ፍቓድ ክንህቦም ኢና ኢሉ ተዛሪቡ ነይሩ። እንታይ ማለት'ዩ እዚ? ናበይ ንምብጻሕ እዩ እንተበልና፡ እቲ ሓንጎል ናይ መንእሰያትና ከመይ ይስረቕ ንምግባር'ዩ። ነዚ ናይ ልምዓት መደባትና ከምዘይትግብሮን ከምዝሃስስን ንምግባር እዩ። ይፈልጡ እዮም፡ እቲ ናይ ልምዓት መደባትና ብቐላጽም መንእሰይ'ዩ ቆይሙ ዘሎ። እዚ መንእሰይ ከመይ ገይሩ ከምዝዘረቑ ንምግባር ሓደ ካብቲ ክሰርሕሉ ዝጸንሑ እዮም። ሕጂ እውን ሓደ ካብቲ ዝሰርሕሉ ዘለዉ ክንፈልጦ ዝግባኣና፡ ጠቓሚነ'ዩ። ብናይ መሰል ወዲ ሰብ ኣምሲልካ፡ ናይ ሃይማኖት፡ መሰል ናይ ገለ ኣምሲልካ - እዚ ኹሉ ብምሉኡ ምዕራባውያን ኣውራ ድማ ከም ኣመሪካ ዝኣመሰሉ ገበትቲ ሓይልታት ዝጥቀሙሉ እዩ። ካብ 1941-2021 80 ዓመታት ጌና ኣይቀሰንናን። ዋላ ድሕሪ ናጽነት ብዘይካ እተን ናይ መጀመርያ ውሑዳት ዓመታት ብሰላም ዝተጓዕዘናለን፡ ኩሉ ዝተረፈ ዓመታት ንምግላጹ ኣብ ዘጸግም ብድሆ ጸኒሕናን ንቕጽልን ከኣ ኣለና።



***ኣህጉራውያን ትካላት ካብ ባይቶ ጸጥታ ጀሚርካ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዘይተጠቕሰ ዓንቀጻት፡ ዘይወሰድዎ ስጉምቲ ኣሎ ክብሃል ኣይክኣልን። ብጭቡጥ ካባና እንታይ እዮም ዝደልዩ?***

ካባና ዝደልዩዎ ኩላትና ክንርመስ እዩ። ኢትዮጵያ ክትርመስ፡ ኤርትራ ክትርመስ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተበታቲኑ ኣብ ሶማል ዝገብርዎ ዘለዉ እንተረኣና ከም ኣብነት ንውሰዶ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝገብርዎ ዘለዉ . . . ጉዳይ ናይ ወያነ እንታይ ይምልከቶም?

ረብሓ ስለዘለዎም እዩ። ወያነ ናታቶም ረብሓ ይሕሉ ስለ ዝነበረ እዩ ንወያነ ዝሕልዉ ዘለዉ። እዚ ኹሉ ዝግበር ዘሎ ምንቅስቓስ፡ ከም ስርዓት ናይ ኢትዮጵያ እንታይ ገይሩዎም? ንኣመሪካውያን ድዩ ዝጻረር ዘሎ ዋላ ንምዕራብ፡ እንታይ'ዩ ገይርዎም? ኣብ ትሕቲ ምቍጽጻሮም ከእትውዎ ስለ ዘይከኣሉ በቲ ሓደ ሸነኽ፡ ንወያነ ክሕግዙ ስለዝደለዩ በቲ ኻልእ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ጸገም ከም ዝመጽእ ኮይኑ። ምድፍፋእ ብዝተፈላለየ መገድታት፡ ከመይ ገይሩ እቲ ስርዓት ተጨኒቑ ረማዕ ከምዝብል ምግባር። እንደገና ወያነ ኣብ ስልጣን ከም ዝመጽእ ምግባር። ወያነ እንተደኣ መጺኡ ኤርትራ ክትድቆስ ስለ ዝኾነት፡ ሶማል እውን ካብዚ ዘለዎ ዝያዳ ክበታተን ስለ ዝኽእል እዩ። ስለዚ እንታይ ኢና ክንገብር? እቲ ጸገም ናይዞም ገበትቲ፡ ንሕና ንኽይንቐስን እዩ። ንሕና ንኽይንቐስን ከኣ ኢትዮጵያ ክትቀስን የብላን። ኢትዮጵያ እንተዘይቀሰነት ኤርትራ ኣይትቐስንን እያ። ስለዚ ንኤርትራ ክንብድል እንተድኣ ኮይንና ንኢትዮጵያ ከነምበርክኽ ኣለና። ኤርትራ ፈትያ ድያ ጸሊኣ ክትምብርከኽ እያ። ወይ ድማ ብጋህዲ ሕብእብእ ዘይብሉ እንደገና ሕጂ ን80 ዓመት ኣብ ልዕሊኣ ዝተፈላለየ ወጽዓ ወይ ጎበጣ ክብየነላ እዩ በቲ ናታቶም ፖሊሲ። ንሕናኸ እንታይ ኢና ክንገብር ዘለና? ኣነ ንኹሉ ሰብ ክብሎ ዝደሊ፡ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ገጥ ኢልና ንረብሓና ክንብል፡ ኢትዮጵያ ከምዘይትበታተን ኢና ክንገብር። ኢትዮጵያ ከይትበታተን፡ ከይትገማማዕ፡ ኢትዮጵያ ከምእትቐስን ምግባር። ኢትዮጵያ ቀሲና ጉዳያታ ክትፈትሕ፡ ጉዳያታ ፈቲሓ ምስ ትግራይ ጸገም እንተለዎም ምስ ትግራይ ይፍትሕዎ፡ ምስ ኦሮሞ ጸገም እንተለዎም ምስ ኦሮሞ ይፍትሕዎ። ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ናቶም ከይኣተና ካልኦት ከይኣተዉ ባዕሎም ጉዳያቶም ከምዝፈትሑ ምግባር፡ እዚኣ እያ ንዓና ተዋጽኣና። ስለዚ ንሕናን ኢትዮጵያን ብሓባር ክንሰርሕ ኢና። እዚ ክብል ከለኹ ግን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዳግም ንኤርትራ ንምሓዝ በጨቕ በጨቕ ዝብል ዝዛረብዎ ሓደ ሓደ ፓለቲከኛታት ንሰምዕ ኢና። ኤርትራ ከመይ ገይራ ከም ብሓድሽ ናብ ኢትዮጵያ ክትምለስ ዝብሉ ሰባት ኣለዉ። እዚ ሕልሚ'ዚ ኣጉል ሕልሚ እዩ። ናትና መደባት፡ ናትና ስርሓት፡ እንታይ ኢና ንሰርሕ? እንታይ ኢና ንብል? ነቲ ዝፍጽም ዘሎ ኣካል እዩ ዝግደፍ። ንማንም ዝግደፍ ኣይኮነን። ሓደ ሰብ ኣብ ኒውዮርክ፡ ሮማ ወይ ጀኔቫ ኮይኑ 'ኤርትራ ከምዚ ክትገብር ኣለዋ' ምባል ኣይምልከቶን'ዩ። ኤርትራ ነብሳ ዝኽኣለት ሃገር እያ። ምስ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ጁቡቲ፡ ሶማል ብሰላምን ምክብባርን ስለ እትኣምን ብሓባር ክንሰርሕ። እንተዘይኮይኑ፡ እዚ ዝገብርዎ ዘለዉ ምትእትታዋት፡ ኣመሪካውያን ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ሓንሳብ ብረዲኤት፡ ሳማንታ ፓወር ዝተዛረበቶ ኩሉ ከምዝሰማዕናዮ ኣብ ጉዳይ ናይ ኢትዮጵያ ምትእትታው ገይርካ፡ ሕንፍሽፍሽ

ምፍጣር'ዩ። ካልእ ትርጉም የብሉን። ሓቀኛታት እንተኾይኖም፡ ንኢትዮጵያውያን ይግደፍዎም። ኢትዮጵያውያን ጉዳዮም ባዕላቶም ይፍትሕዎ። እንታይ ይምልከቶ ሓደ ኣመሪካዊ ካብ ዋሽንግቶን መጺኡ፡ ንኢትዮጵያ ኮነ ንዓና ከማሓድረና ዝፍትን! "ከምዚ ኣይትግበሩ፡ እዚ ግበሩ፡ እዚ መደባት ኣይትግበሩ" ክብል መሰል የብሉን። ስለዚ ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ፡ ናትና ረብሓ ምስ ኢትዮጵያ ምስ ሱዳን ምስ ሶማል እዩ። ኣብዛ እዋን እዚኣ፡ ኢትዮጵያ ንኽይትበታተን ሓንትን ስምርትን ኮይና፡ ምስ ጎረባብታ ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ጁቡቲን ሶማልን ብሰላም፡ ብስኒትን ብሕውነትን ክትነብር እንምነያ፡ ብልጽግቲ ኢትዮጵያ ክትህልወልና ኢና እንደሊ።

***ሕራይ ብጻይ ኣልኣሚን ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ መበል 60 ዓመት ማለት ኣብዚ ኣልማዛዊ እዮቤልዩ ምጅማር ብረታዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ንዝክረሉ ዘለና ሓደ መስከረም፡ ምስጢር ህዝቢ ኤርትራ እንታይ እዩ?*** ብውልቅኻ ዘለካ ***መልእኽትን ክትብሎ ትደልን? ኣ***

ብዚ ኣነ ክብሎ ዝደሊ ሓደ፡ ህዝቢ ኤርትራ እቲ ኹሉ ግዜ ንደግሞ፡ ፕረዚደንት ዝብሎ ካልኦት ብጾትና እውን ዝብሉዎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከምዚ ግበር ዘድልዮ ህዝቢ ኣይኮነን።



ንሱ እውን ይፈልጥ እዩ። ስለዚ ኣነ ዝብሎ፡ ጽንዓት ኣብ መትከል'ዩ፡ እቲ ቀንዲ ምስጢር! መትከል! ኣብኡ ጸኒዕና ናጻ ክንገብራ ንኤርትራ ኢልና ነጻ ገይርናያ። መትከል'ዩዚ። ሃገራዊ ኣገልግሎት እንተ ዘይንገብር ነይርና ቀደም ምተዋሓጥና። ሃገራዊ ኣገልግሎት ክንገብር ኣለና፡ ክቕጽል ኣለዎ ዝበልና መትከል'ዩ። ኣብኡ ጸኒዕና ኢና ወለኛ-ዘለኛ ከይበልና ኢና መበል 34 ዙርያ

በጺሕና ዘለና። እዞም ገበትቲ እንታይ ይጽበዩ? ኣብ ሓደ ክልተ ዙርያ ምስ በጻሕና፡ ትጽቢቶም ረማዕ-ማዕ ክንብል እዮም ዝጽበዩና ነይሮም። መትከል እዩ ኣጽኒዑና። ኩለን እዘን ዝጠቐስኩወን መትከላት ኣብኣን ስለ ዝጸናዕና'ዩ። እዚ እቲ ቐዳማይ'ዩ። ካልኣይ ክብሎ ዝደሊ፡ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ምትግባር መትከላት'ዩ። ኩሉ ህዝቢ! ተመሃራዩ፡ ተጋዳላይዩ፡ ኣብ ሰራዊት ዘሎ፡ ኣብ ሓፋሽ ውድባት ዘሎ፡ ኣብ ደገ ዘሎ፡ ኣብ ውሽጢ ዘሎ፡ ናቱ ተሳትፎ እዩ። ናይ ገለ መሪሕነታት ወይ ናይ ገለ ውልቀ-ሰባት ጥራይ ኣይኮነን እቲ ተሳትፎ። ናይ ህዝቢ እዩ። መላእ ህዝቢ ከነኽትት ስለ ዝኸኣልና ኣብ ከምዚ ዓይነት ደረጃ በጺሕና ኣለና። ስለዚ እታ ካልኣይቲ፡ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ መኸተ'ዩ። ናይ መወዳእታ ድማ ምሕዝነታውን ሽርክነታውን ጽምዶ እዩ። እዚ ምስ ኢትዮጵያ ዝግበር ዘሎ ጽምዶ'ዩ። ምስ ሶማል ዝነበርናን ክሳብ ሕጂ ንገብሮ ዘለናን፡ ከምኡውን ምስ ሱዳን፡ ሓደ ሓያል ስርዓት ክነቕውም ኢና። እዚ ናትና እምነት እዩ። መሰልኩም ኣይኮነን ክብሉና ኣይክእሉን። መሰልና እዩ። መሰል ሶማላውያን እውን እዩ። ዝተበታተነት ሶማል ኣይንደልን ኢና። ሓንቲ ሓያል ሶማል ኢና እንደሊ። ስለዚ ሓያል ፖለቲካዊ ስርዓት ኣብ ኢትዮጵያ፡ ሓያል ፖለቲካዊ ስርዓት ኣብ ሱዳን ኢና ንደሊ ዘለና።ስለዚ ምስ ምንታይ'ዩ ዝተኣሳሰር ዘሎ፡ ብጽምዶን ሽርክነትን ክንሰርሕ። እዚኣን እየን እተን ቀንዲ ምስጢር ኢልና ክንዛረበለን እንኽእል። ካብኡ ዝተፈላለዩ ዝርዝራት ክመጽእ ይኽእል'ዩ። እዘን ሰለስተ ግን ዓበይቲ ነገራት እየን።

**ሓዳስ ኤርትራ**